# ኣዝዩ ህጹጽ ዝኾነ - ምስምፍሕፋሕ-ለበዳ/Akut läge – smittspridning

ኣብዚ ኮሙን ናትና ሕጂ፡ ብምኽንያት ሰፊሕ ምልባዕ ለበዳ ኮቪድ-19፥ ኣብ ኣዝዩ ህጹጽ ዝኾነ ኩነታት ንርከብ ኣሎና። እዚ ዞባ ናይ ”ኖርቦተን” (Region Norrbotten) እዚ፥ ብኣዝዩ ዘሰክፍ ደረጃ ናይ ዝሓመሙ ሰባት ቁጽሪ ጸብጺብ ይመጸና ኣሎ።
ዓቢይ ጥንቃቐ ንኽትገብሩ ምሕጽናታና ነቕርብ።

መታን ንዓኻትኩም፡ ንኣዝማድኩም፡ ንኣዕሩኽትኹም ከምኡ ውን ንኻልኦት ዜጋታት ለበዳ ከይለግቦም፥ ሓላፍነትኩም ተሰከሙ። እቲ ”ብቤትስልጣን ጥዕና-ህዝቢ” ዝተዋህበ መምርሒን እገዳታትን ውን፥ ብጥቡቕ ጥንቃቐ ክንስዕቦ ይግብኣና እዩ።

**ምስፍሕፋሕ ኮቪድ-19 ንምዕጋት፡ እጃምካ ኣበርክት፡-**

- ሕማም እንተ ደኣ ተሰሚዑካ፡ ምስ ካልኦት ሰባት ካብ ምርኻብ ተቖጠብ።
- ነቶም ኣብ ”ሓደጋ-ጉጅለ” ዘሎዉ ሰባት ንከላኸለሎም። ዕድሜኻ ልዕሊ 70 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ምስ ዚኸውን፥ ማሕበራዊ ርክባትካ ግታእ።
- ብዛዕባ ጽሬትካ-ኣእዳውካ ዕቱብ ጥንቃቐ ግበር።
- ኣብ ደገ ናብ ሕብረተሰብ እንተ ተጸምቢርካ፥ ምስ ካልኦት ሰባት ዘሎካ ናይ 2 ሜትሮ ምርሕሓቕ ሓልዎ።
- ኣብ ማሕበራዊ ፌስታን ኣኼባታትን ካብ ምስታፍ ተቖጠብ።

ብዛዕባ ምስፍሕፋሕ-ኮቪድ-19 መዓልታዊ እዋናዊ-ሓበሬታ
ንምክትታል፥ ከምኡ ውን ብዛዕባ ኣብ ከባቢና ኪውሰዱ ዘሎዎም
ስጉምቲታት ንምፍላጥ፥ ቀጻሊ ሓበሬታ ኣብ gallivare.se/covid19
ተኸታተል።